LHL Internasjonal

FHI Folkehelseinstituttet

# ሕክምና ምክልኻል ቲቢ እንታይ እዩ?



TIGRINJA

## ትሕዝቶ


| | |
|---|---|
| ሕክምና ምክልኻል ቲቢ እንታይ እዩ? | 3 |
| ከይሓመምካ ባክተርያ ቲቢ ምህላው፡ እንታይ ማለት እዩ? | 3 |
| ንምንታይ መድሃኒት ቲቢ፡ ነቶም ቱበርክሎሲስ ዘይብሎም ሰባት ይውሃብ? | 3 |
| እቲ ብባክተርያ ቲቢ ዝተለኽፈ ኾሉ ሰብ፡ ሕክምና ምክልኻል ኪወስድ ኣለዎ’ዶ? | 4 |
| ዋላውን ሕክምና ምክልኻል ቲቢ ወሲደ እንተወዳእኩ፡ ጸኒሐ ቲቢ ኪሓምም ይኽእል’ዶ? | 5 |
| ባክተርያ ቲቢ ብኸመይ ናብ ኣካልኩም ይኣቱ? | 5 |
| ብባክተርያ ቲቢ ኪልከፍ ዚኽእል መን እዩ? | 6 |
| ንምንታይ ኣዝዮም ብዙሓት ሰባት ንቲቢ ይፈርህዎ? | 6 |
| ሕክምና ምክልኻል ቲቢ ብኸመይ እረክብ? | 6 |
| ኬጋጥም ዚኽእል ጐድናዊ ሳዕቤናት መድሃኒት | 8 |


## ሕክምና ምክልኻል ቲቢ እንታይ እዩ?

ሕክምና ምክልኻል ቲቢ፡ ነቶም ጥዑያት ኮይኖም ግን ከኣ ባክተርያ ቲቢ (ቲቢ ኣሕጽሮት ቱበርክሎሲስ’ዩ) ተሰኪሞም ንዘለዉ ሰባት ዚውሃብ ሕክምናዊ ክንክን እዩ። እዚ ክንክን’ዚ፡ ሰባት ድሒሮም ብቲቢ ንኸሓሙ ዘሎ ተኽእሎ መታን ኪጒድል ተባሂሉ ይውሃብ።

**ሕክምና ምክልኻል ቲቢ ዝወሰዱ ዘለዉ ሰባት፥ ሕማም ቲቢ የብሎምን። ንኻልኦት ድማ ቲቢ ከመሓላልፉ ኣይክእሉን እዮም።**

## ከይሓመምካ ባክተርያ ቲቢ ኣብ ሰብነትካ ምህላው፥ እንታይ ማለት እዩ?

እቶም ብባክተርያ ቲቢ ዝተለኽፉ መብዛሕቶም ሰባት ኣይሓሙን እዮም። እቶም ባክተርያ ቲቢ፡ ኣብ ኣካላቶም ”ተሓቢኦም” ይጸንሑ። ዓቕሚ ስርዓተ-ምክልኻል ድማ ነቲ ባክተርያ ደቂሱ ከምዚጸንሕ ይገብር። ቲቢ ከይሓመምኩም፡ ንባክተርያ ቲቢ ኣብ ኣካልኩም ንምሉእ ዕድሜኹም ክትሰከሙ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣዝዮም ብዙሓት ሰባት ድማ ኣብ ኣካላቶም ድንዙዝ (ድቁስ) ባክተርያ ቲቢ ኣለዎም። ዓለማዊ ውድብ ጥዕና፡ ኣብ ዓለም ሓደ ካብ ኣርባዕተ ሰባት ከምዚ ዚበለ ባክተርያ ከምዘለዎ ይጽብጽብ። ካብዞም ባክተርያ ቲቢ ዘለዎም ዓሰርተ ሰባት ድማ ሓደ ጥራይ ሕማም ቲቢ የማዕብል።

ባክተርያ ቲቢ እናሃለወካ ዘይምሕማም፡ ድጉል ቱበርክሎሲስ ወይ ድጉል ረኽሲ ቱበርክሎሲስ (LTBI) ምህላው ማለት ምዃኑ ይፈለጥ።

እቲ ድጉል ቱበርክሎሲስ ዘለዎ ሰብ፥

- ብቱበርክሎሲስ ዘይሓመመን ንኻልኦት ድማ ከመሓላልፍ ዘይክእል’ዩ
- እቲ ሰብ፡ መርመራ ቆርበት (Mantoux) ወይ መርመራ ደም ኣብ ዝገበረሉ ግዜ ባክተርያ ቲቢ ተሰኪሙ ከምዘሎ ዝተፈልጠ’ዩ።
- ኣብ ዓኽታ ወይ ጥፍጣፍ ዚግበር መርመራ ግን ናጻ ዝኾነ’ዩ (በቲ ንቡር መስርሕ ምንም ከምዘይብሉ ዘርኢ’ዩ)።

## ንምንታይ መድሃኒት ቲቢ፥ ነቶም ቱበርክሎሲስ ዘይብሎም ሰባት ይውሃብ?

ብመድሃኒት ቲቢ ዚከላኸል ሕክምና፡ ጸኒሑ ንዘጋጥም ሓደጋ ሕማም ንምቕናስ ተባሂሉ ነቲ ኣብ ኣካል ዚርከብ ድጉል (ድቁስ) ባክተርያ ቲቢ ንምቕታል ዚውሃብ እዩ።

እዚ ሕክምና’ዚ፡ እቲ ሰብ ጸኒሑ ሕማም ቲቢ ንኸማዕብል ዝተሓተ ተኽእሎ ከምዚህልዎ ይገብር። ምክልኻል ማለት ንኸየጋጥም ምዕንቃፍ ማለት እዩ። ስለዚ ድማ እዚ ሕክምና’ዚ፡ መከላኸሊ ሕክምና ተባሂሉ ይጽዋዕ።

## እቲ ብባክተርያ ቲቢ ዝተለኽፈ ኵሉ ሰብ፣ ሕክምና ምክልኻል ኪወስድ ኣለዎ’ዶ?

ኣይፋል፣ ብፍላይ ነቶም ድሒሮም ክሓሙ ዓቢ ተኽእሎ ዘለዎም ሰባት ጥራይ ዚውሃብ እዩ፥ ከምዚ ዚበለ ሕክምና ንኽወስዱ ምኽሪ ዝውሃቦም ሰባት፡ ቅድሚ ኵሉ ከምዚ ዚስዕብ ክኾኑ ኣለዎም፥

- ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን
- ትሑት ዓቕሚ ምክልኻል ዘለዎም ሰባት
- እቶም ዓቕሚ ስርዓተ-ምክልኻል ዜዳኽም መድሃኒት ዝወስዱ ዘለው ሰባት
- ሓደ-ሓደ ካልእ ዓይነት ሕማማት (ከም ሕማም ሽኮርን ሕማም ኵሊትን) ዘለዎም ሰባት
- ኤች.ኣይ.ቪ. ዘለዎም ሰባት
- እቶም ኣብ ቀረባ ግዜ መልከፍቲ ቲቢ ዘጋጠሞም ሰባት፥ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ወይ ድሕሪኡ ዝተለኽፉ ሰባት

ካብዞም ዝተጠቕሱ ጕጅለታት እንተ ኼንኩም፡ ዘለኩም ስርዓተ-ምክልኻል፡ ንባክተርያ “ብድቑሱ” ከጽንሕ ዘይክእል ኣዝዩ ድኹም ኪኸውን ይኽእል’ዩ፣ ከምኡውን እቲ ባክተርያ “ነቒሑ” ብቲቢ ንኽትሓሙ ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ’ዩ። ስለዚ፡ ሓካይም፡ ካብዞም ዝተጠቕሱ ጕጅለታት ንሓደ (ወይ ልዕሊኡ) ንዚምልከቶ ሰብ፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ሕክምና ምክልኻል ቲቢ ይእዝዙ እዮም። ብፍላይ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ዝተለኸፍኩም እንተ ኼንኩም፡ ኣብቲ ዝተለኸፍክሙሉ ናይ ፈለማ ክልተ ዓመታት ንኽትሓሙ ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ እዩ።

እንተኾነ ግን ሓደ ሓደ ሰባት ዋላውን ኣብ ሓደጋ ካብ ዘለዉ ጕጅለታት እንተዘይኮኑ፡ መከላኸሊ መድሃኒት ከምዝወስዱ ይግበር እዩ። ሓደ ሓደ ሰባት ዋላውን ኣብ ሓደጋ ካብ ዘለዉ ጕጅለታት እንተኾኑውን፡ መከላኸሊ ሕክምና መድሃኒት ንኽወስዱ ኣይግባእን እዩ። ሓኪም ድማ ሓደ ሰብ መከላኸሊ ሕክምና ኪወስድ ኪእዘዞሉ እንተኾይኑን እንተዘይኮይኑን፡ ነነፍስወከፍ ጕዳይ ብምርኣይ ውሳኔ ይህብ። ሓኪም፡ ኣብ ምሉእ ገምጋም ኵነታት ጥዕና’ቲ ሰብን ኵነታቱን ተመርኲሱ ትእዛዝ ሕክምና ይህብ።

ገለ ካብቶም ባክተርያ ቲቢ ዘለዎም ሰባት፡ መከላኸሊ መድሃኒት ክወስዱ ዘይኮነስ፡ ንገለ እዋን ስሩዕ መርመራታት ንኽገብሩ ኣብ ሓኪም ንኽርኣዩ ይእዘዙ እዮም። ስሩዕ መርመራ ብምክያድ ድማ ሓኪም ንኹነታት ጥዕና ሓደ ሰብ ኺከታተል ይኽእል። “ዚደቀሰ ባክተርያ ቲቢ” ናብ ንቑሕ ሕማም ቲቢ ይምዕብል ከምዘሎ ዘርኢ ዝኾነ ምልክታት እንተልዩ፡ ሓኪም ብዛዕብኡ ኪፈልጥን ሕክምና ድማ ቀልጢፉ ከምዚጀምር ኺገብርን እዩ።

ምልክታት ሕማም ቲቢ እንተድኣ ኣማዕቢልኩም፡ ቀልጢፍኩም ኣብ ሓኪምኩም ክትርኣዩ ኣለኩም። ክሳዕ እቲ ዚቕጽል መርመራ ዚካየድ ኣይትጸበዩ!

እዚ ስዒቡ ዘሎ ድማ ምልክታት ሕማም ቲቢ’ዩ፥

- ን2—3 ሳምንታት ወይ ልዕሊኡ ዚጸንሕ ሰዓል
- ምጥፋእ ሸውሃት
- ምጕዳል ሚዛን ሰብነት (እናቐጠንካ ምኻድ)
- ስምዒት ድኻምን ምስልካይን
- ንገለ ግዜ ዚጸንሕ ረስኒ ምህላው
- ረሃጽ ኣብ ግዜ ለይቲ
- ኣብ ጕሮሮ፣ ቱሸቱሽ ወይ ሸምጢ ምፐሕበጥ ምህላው።

እቲ ኣዝዩ ልሙድ ዓይነት ሕማም ቲቢ፡ ናይ ሳንቡእ ቲቢ ኮይኑ፡ ኣብ ካልእ ክፍሊ ኣካል ድማ ቲቢ ክትሓምም ይከኣል እዩ። ናይ ሳንቡእ ቲቢ ጥራይ ድማ ናብ ካልእ ኪመሓላለፍ ይኽእል።

**ሕክምና ምክልኻል ቲቢ፣ ብወለንታ ዚውሰድ እዩ። መከላኸሊ ሕክምና ኽትወስዱ እንተመሪጽኩም፡ ነቲ ሕክምና ኽትውድእዎ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።**



## ዋላውን ሕክምና ምክልኻል ቲቢ ወሲደ እንተወዳእኩ፡ ጸኒሐ ቲቢ ኪሓምም ይኽእል’ዶ?

ሕክምና ምክልኻል ቲቢ፡ ሕማም ቲቢ ንኸተማዕብሉ ንዘሎ ተኽእሎ ከምዚጐድል ይገብር። እዚ ሕክምና’ዚ፡ ኣብ ዚቕጽል ህይወትኩም ንኽትሓሙ ዘሎ ተኽእሎ ብፍርቂ ኪጐድል ከምዚገብር ይግምገም። እንተኾነ ግን መከላኸሊ ሕክምና ስለዝወሰድኩም፡ ጥዑያት ኬንኩም ኽትነብሩ ዚብል ምሉእ ውሕስነት የለን።

ሕክምና ወሲድኩም ምስወዳእኩም፡ ውሑድ ቍጽሪ ባክተርያ ቲቢ ኣብ ኣካላትኩም ኪጸንሕ ተኽእሎ ኣለዎ። ኣብ ሳሕቲ ኵነታት ድማ እዞም ባክተርያ’ዚኦም ጸኒሖም ”ክነቕሑን” ከምእትሓሙ ኽገብሩን ይኽእሉ እዮም።

ብቲቢ ዳግማይ ንኽትልከፉ ድማ ተኽእሎ ኣሎ። መከላኸሊ ሕክምና፡ ኣብ ግዜ ሕክምና ኣብ ኣካልኩም ኣብ ዚህሉ ባክተርያ ጥራይ’ዩ ዚሰርሕ። ዳግማይ ንኸይትልከፉ ኺከላኸለኩም ኣይክእልን’ዩ፣ ጸንሒኹም ድማ ብ”ሓድሽ” ባክተርያ ክትሓሙ ትኽእሉ ኢኹም። መከላኸሊ ሕክምና፡ ቲቢ ንኸይትሓሙ ናጻ ኣይገብርን እዩ።

## ብባክተርያ ቲቢ ብኸመይ መገዲ ክትጥቀዑ ትኽእሉ?

ባክተርያ ቲቢ፡ ብዓይኒ ኽርኣዩ ብዘይክእሉ ኣብ ኣየር ብዝርከቡ ኣዝዮም ደቀቕቲ ህዋሳት ኣቢሉ ይመሓላለፍ። ምስ እንስዕል፣ እነህንጥስ ወይ እንዛረብ፡ እቲ ንጣባት ብመገዲ ኣፍንጫናን ኣፍናን ገይሩ ካብ ሳናቡእና ናብ ኣየር ይወጽእ። እቲ ኪመሓላለፍ ዚኽእል ናይ ሳንቡእ ቲቢ ካብ ዘለዎ ሰብ ካብ ሳናብኡ ዝወጽእ ንጣባት ባክተርያ ቲቢ ዚሓዝ እዩ። ስለዚ፡ ነዚ ኣየር’ዚ ንውሽጢ እንተድኣ ኣተንፊስክሙዎ፡ ባክተርያ ቲቢ ዚሓዝ ንጣባት ናብ ሳናብእኩም ኪኣቱ ይኽእል።



ካብቲ ሕማም ዘለዎ ሰብ ዘተንፈሶ ኣየር ንውሽጢ እንተድኣ ኣተንፊስኩም፡ ባክተርያ ቲቢ ናብ ኣካልኩም ኪኣቱ ይኽእል።

## ብባክተርያ ቲቢ ኪልከፍ ዚኽእል መን እዩ?

ዚመሓላለፊ ናይ ሳንቡእ ቲቢ **ምስ ዘለዎ ሰብ ንገለ ግዜ ናይ ቀረባ ምትንኻፍ** ዝገበሩ ሰባት፡ ብባክተርያ ቲቢ ንኽልከፉ ተኽእሎ ኣለዎም። ባክተርያ ቲቢ፡ ብቐሊል መገዲ ይመሓላለፍ። ስለዚ፡ ምሳኹም ካብ ዚቕመጥ ሰብ ወይ ንገለ እዋን ናይ ቀረባ ምትንኻፍ ካብ ዝነበረኩም ሰብ ንኽትልከፉ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። **ኮይኑ ግን እቲ ንኽልተ ሳምንታት ዚኸውን ውጽኢታዊ ሕክምና ቲቢ ዚወሰደ ሰብ ከመሓላልፈልኩም ኣይክእልን እዩ።**

ኵለን ኣብ ዓለም ዘለዋ ሃገራት፡ ሕማም ቲቢ ዝሓመሙ ሰባት ኣለዉወን። ሕማም ቲቢ፡ ኣብ እስያ፣ ኣፍሪቃ፣ ደቡብ ኣመሪካን ምብራቕ ኤውሮጳን ኣዝዩ ግኑን እዩ፣ ስለዚ፡ ካብዚ ቦታታት ዚመጹ ሰባት ብቲቢ ንኽልከፉ ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ልዑል እዩ።

ዋላውን BCG ዝተኸተብኩም እንተኾንኩም፡ ክትልከፉን ሕማም ቲቢ ከተማዕብሉን ትኽእሉ ኢኹም። ክታበት BCG ንቖልዑ ካብ ሓደገኛ ዓይነት ቲቢ ይከላኸል፣ እንተኾነ ግን ብባክተርያ ቲቢ ንኸይልከፉ ኣብ ምክልኻል ውጽኢታዊ ኣይኮነን።

## ኣዝዮም ብዙሓት ሰባት ንምንታይ ንቲቢ ይፈርህዎ?

ፍልጠት ዘይምህላው፡ ብመልከፍቲ ቲብን ሕማም ቲብን ከምእትፈርህ ይገብር። ብዙሕ ሰብ፡ ብዛዕባ'ዚ መልከፍትን ሕማምን ከምኡውን ኣብ መንገሮ ብቲቢ ምልካፍን (ሕቡእ ቲቢ ምህላውን) ብቲቢ ምሕማምን ዘሎ ፍልልይ ኣዝዩ ውሑድ ኣፍልጦ ኣለዎ።

ፍልጠት ዘይምህላው፡ ንኽትፈርሕን ቅድመ-ፍርዲ ንኽትህብን ይገብር። ሰባት፡ ሳሕቲ ሓደ ሰብ ቲቢ ኣለዎ ኢሎም እንተሓሲቦም፡ ምስኡ ኮይኖም ንኽበልዑ ይፈርሑ እዮም። ክልከፍ'የ ኢሎም ስለዝሓስቡ ድማ ምስኦም ንኽዘራረቡ ይፈርሁ እዮም። ከምዘይሓመምኩምን ዋላ'ውን ሕክምና ምክልኻል ቲቢ ትወስዱ ሃልዉ ከተመሓላልፍሎም ከምዘይትኽእሉን፡ ንኻልኦት ሰባት ንኸተረድኡ ኣጸጋሚ ኪኸውን ይኽእል'ዩ። ብዛዕባ ቲብን ባክተርያ ቲቢ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካልእ ሰብ ብኸመይ ከምዝመሓላለፍን ብዝያዳ ምስዝፈልጡ፡ ፍርሃቶም ይቕንስ።

ሕክምና ምክልኻል ቲቢ ትወስዱ ከምዘለኹም ንኻልእ ሰብ ክትነግሩ ግዴታ የብልኩምን።

> **እቶም ሕክምና ምክልኻል ቲቢ ዝወስዱ ዘለዉ ሰባት፣ ብቲቢ ዝሓመሙ ኣይኮኑን። ስለዚ ድማ ንኻልኦት ከመሓላልፉ ኣይክእሉን እዮም።**

## ሕክምና ምክልኻል ቲቢ ብኸመይ እረክብ?

ክትከላኸለሉ እትኽእል ሕክምና ኽትገብር እንተ መሪጽካ መደብ ሕክምና ኺዳለወልካ እዩ። እቲ መደብ ምሳኻትኩም ብምትሕብባር እዩ ዚዳሎ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ኸኣ ኣብቲ ንስኻን ኣተሓባባሪ ዓባይ ሰዓልካን እትሳተፉሉ ኣኼባ እዩ ዚዳሎ። ሓድሓደ ግዜ እቲ ናይ ሆስፒታል ሓኪምን፡ ካብ ናይ ምምሕዳር ኣገልግሎት ጥዕናን እውን ኣብቲ መደብ ይካፈሉ ኢዮም። ሕክምና ቕድሚ ምጅማርካ እቲ ኣኼባ ኺግበር እዩ። ኣብ እዋን ሕክምና ምስ መን ከም እትራኸብ ወይ ሕቶታት ከም እትሓትት ኪሕባርካ እዩ።



ኣኼባ ውጥን ሕክምና

ንኣባል ቤተሰብ ወይ መሓዛ ሒዝኩም ናብ ኣኼባ ኽትመጹ ፍቑድ እዩ። ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ኣስተርጓሚ ኽትጥቀሙ መሰልኩም እዩ። እንተደሊኹም ድማ ሰራሕተኛ ጥዕና፡ ኣስተርጓሚ ናብቲ ኣኼባ ከምዚመጽእ ኺገብር ይከኣል እዩ።

ንውሓት እቲ ሕክምና መብዛሕትኡ ግዜ ሰለስተ ወርሒ ኣቢሉ ይኸውን፡ ሓድሓደ ግዜ ግን ንንውሕ ዝበለ ግዜ መድሃኒት ክትወስድ የድልየካ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መዓልቲ ሓንሳእ፡ ወይ'ድማ ሓንሳእ ኣብ ሰሙን መድሃኒት ምውሳድ ከድልየካ ኢዩ። እዚ ኣማራጺታት ሕክምና እዚ ማዕረን ጽቡቕን እዩ ። እቲ ኣተሓባባሪ ሓኪም/ዓባይ ሰዓል ንዓኻ ዚበቅዕ ሕክምና እንታይ ምኧኑ ኼዘራርበካ እዩ። ነቲ መድሃኒት ምስ ምግቢ ኽትወስዶ ወይ ከይትወስዶ ኺንገረካ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ድሕሪ ኽልተ ሰሙን ድሕሪ ሽዱሽተ ሰሙን ከኣ መርመራ ደም ክትገብር ትሕተት ኢኻ ።

ሓደ ሓደ ሕሙማት መድሃኒት ይውሃቦም፣ መዓልታዊ ክትትል ከይተገብረሎም ድማ ይወስድዎ። ካልኦት ድማ ብሰራሕተኛ ጥዕና መዓልታዊ መድሃኒት ይመጾም። እዚ ድማ ቀጥታዊ ዕዘባ ዚግበረሉ ፍወሳ ወይ DOT ተባሂሉ ይጽዋዕ። ሓደ ሓደ ሕሙማት፡ ኣብቲ መባእታዊ ሕክምና ዝረኽብሉ ግዜ DOT ይወስዱ፣ ነቲ ዝተረፈ ግዜ ግን ነቲ መድሃኒት ኣብ ገዛኦም ባዕሎም ይወስድዎ።


### ብዘይ DOT ዚውሃብ ሕክምና

እቶም ባዕሎም መድሃኒት ዝወስዱ ሕሙማት፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ንሓደ ሰሙን ዚጸንሕ መድሃኒት ይውሃቦም። ሓደ ሓደ ሰባት፡ ብዘይ ዝኾነ ጸገማት ነቲ መድሃኒት ብስሩዕ ንክወስዱ ይዝክርዎ እዮም፣ ንኻልኦት ግን ከምኡ ምግባር ኣዝዩ ከቢድ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ኵሉ ግዜ ዘይትዝክርዎ እንተኾይንኩም፡ ድምጺ መዘከርታ (ኣላርም) ምምላእ ወይ ከዘክረኩም ዚኽእል ጽሑፍ ምግባር ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። መድሃኒት ብኸመይ ወይ መዓስ ክትወስድዎ ከምዘለኩም ርግጸኛታት እንተዘይኴንኩም ወይ ዝኾነ ካልእ ሕቶታት እንተልይኩም፡ ብኽብረትኩም ንኣዋሃሃዲ ቲቢ ወይ ሓኪምኩም ተወከሱ።

### ሕክምና ብDOT

DOT (ቀጥታዊ ዕዘባ ዚግበረሉ ሕክምና)፡ ኣብ እዋን ሕክምና ነቲ ሕሙም ደገፍ ይህብን እቲ ሕክምና ድማ ከምእተወድአ የረጋግጽን። መድሃኒትኩም፡ ብሕልፊ ጕድናዊ ሳዕቤን እንተለዎ፡ መዓልታዊ ንኽትወስድዎ ደስ ዘይብለኩም ኪኸውን ይኽእል። ወይ ድማ ክትርስዕዎ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ሕክምና ኪሰርሕ እንተኾይኑ፡ መድሃኒት መዓልታዊ ኪውሰድ ይግብኦን እቲ ሕክምና ድማ ኪውዳእ ኣለዎን። DOT፡ ከምኡ ይግበር ከምዘሎ የረጋግጽ። DOT ማለት ሰራሕተኛ ጥዕና እቲ መድሃኒት ኣባኹም ዘለዎ ውጽኢትን ጕድናዊ ሳዕቤናትን ኪዕዘብ ይኽእል ከምኡውን ብሓፈሻ ብዛዕባ ጕድናዊ ሳዕቤናትን ሕክምናን ምኽሪ ኪህበኩም ይኽእል ማለት እዩ።

እቲ ሕክምና ምስ መዓልታዊ ህይወትካ ኺለማመድ እዩ። ሰራሕተኛታት ጥዕና መድሃኒት ንምብጻሕ ናብ ቤትካ ኺመጹ ይኽእሉ እዮም፣ ወይ ከኣ DOT ብኻልእ መገዲ ኺዳሎ ይኽእል እዩ ። ሓድሓደ ግዜ እቲ መድሃኒት ምስቲ ናይ ጥዕና ሰራሕተኛ ብቪድዮ ኣብ ዝግበር ዝርርብ ክውሰድ ይከኣል ኢዩ ። ምስ ኣተሓሳባሪ ዓባይ ሰዓልካ ብዛዕባ እቲ ንዓኻ ዚበቅዕ ዓይነት ሕክምና ተዘራረብ።





ኣብ እዋን ሕክምና ኰነታትኩም ወይ ዘድልየኩም ነገራት ምስዝቀያየር፡ ኣብቲ ዘለኩም ውጥን ሕክምና ለውጥታት ንኺግበር ኽትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

### መድሃኒት ምክልኻል ቲብን ካልእ መድሃኒትን

መድሃኒት ቲቢ ንውጽኢታውነት ካልእ መድሃኒታት የጉድሎ እዩ። ስለዚ፡ ብዛዕባ'ቲ እትወስድዎ ካልእ መድሃኒታት ንሓኪምኩም ኽትሕብሩ ኣለኩም።

**Rifampicin ኣብ እትወስዳሉ እዋን፡ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ ንኽይትጠንሳ ኣይከላኸልን እዩ**

ስለዚ፡ ከም ኮንዶም ወይ ኣብ ውሽጢ ማህጸን ዚኣቱ ኣቕሓ ("ስልኪ" ወይ "ሽቦ") ዚኣመሰለ ካልእ መከላኸሊ ጥንሲ ኽትጥቀማ ይግባእ።

## ኬጋጥም ዚኽእል ጐድናዊ ሳዕቤናት መድሃኒት

መድሃኒት ምክልኻል ቲቢ፡ ሳሕቲ ጐድናዊ ሳዕቤናት ኣለዎ፥ እዚ መድሃኒት'ዚ፡ ንባክተርያ ቲቢ ከጥፍእ ኣብ ዚቃለሰሉ ግዜ፡ ኣብ ካልእ ክፍሊ ኣካላት ዘይተደልየ ሳዕቤናት ኪህልዎ ይኽእል እዩ። እዚ ክፍሊ'ዚ፡ ብዛዕባ ጐድናዊ ሳዕቤናትን ብዛዕብኡ እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩምን ዚሕብር ሓበሬታ ኪህበኩም እዩ።

ሕሙማት፡ ነዚ መድሃኒት ዝተፈላለየ መልሰ-ግብሪ ይህቡ። ካብቶም ሕክምና ምክልኻል ቲቢ ዝወስዱ ሰባት፡ ገለ ካብኦም እንተዘይኮይናም፡ **መብዛሕቶም ሕሙማት ጸገማት ጐድናዊ ሳዕቤናት የብሎምን።** ኣካል ነቲ መድሃኒት ምስተለማመደ፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ከምዚ ዝበለ ሳዕቤናት ኣናጐደለ ይኸይድ (ውሑድ ጸገም ይህልዎ)። እዚ ድማ ከም ልሙድ ካብ ክልተ ክሳዕ ኣርባዕተ ሳምንታት ይወስድ። ሳሕቲ ድማ እዚ ጐድናዊ ሳዕቤናት ምሉእ ብምሉእ'ውን ይጠፍእ እዩ።

እቲ ዜጋጥም ከቢድ ጐድናዊ ሳዕቤናት፡ ኣዝዩ ውሑድ እኳ እንተኾነ ኬጋጥም ግን ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ብዛዕባ'ቲ ዘጋጥመኩም ዝኾነ ቃንዛ ወይ ካልእ ጐድናዊ ሳዕቤናት፡ ንሓኪምኩም፣ ኣዋሃሃዲ ቲቢ ወይ ነርስ ዞባ ኽትሕብሩ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።



ኣብ ሳሕቲ ኲነታት ድማ መድሃኒት ቲቢ ጠንቂ ረኽሲ ጸላም ከብዲ (ሄፐታይትስ) ኪኸውን ይኽእል እዩ። ጸላም ከብዲ፡ ነቲ መድሃኒት ክሳዕ ክንደይ ትጻወር ከምዘላ ሓኪምኩም ኺከታተል መታን ኺኽእል፡ ኣብ እዋን ሕክምና ሓያለ መርመራታት ደም ኽትገብሩ ኢኹም። ኣብ ሳሕቲ ኲነታት ድማ እቲ ሕክምና ኺቋረጽ ወይ ዕረፍቲ ክትወስዱ ኣገዳሲ እዩ።

ጻዕዳ ዓይንኹም ናብ ብጫ ሕብሩ እንተተቐይሩ፣ ብርቱዕ ቃንዛ ከብዲ እንተልይኩም፣ ብዙሕ ዕግርግር ክብለኩም (ክጽልኣኩም) እንተጀሚሩ፣ እንተምሊስኩም፣ ድኻም እንተተሰሚዒኩም (ልዑል ምስልካይ እንተኣጋጢምኩም) ወይ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ኣካላትኩም ዕንፍሩር እንተወጺእኩም፡ **ቀልጢፍኩም ኣብ ሓኪምኩም ተራኣዩ።**

**ኣልኮላዊ መስተ፥** ኣልኮላዊ መስተን መድሃኒት ምክልኻል ቲብን፡ ኣብ ጸላም ከብዲ ከምዚዳቐቕ ("ከምዚሓቅቕ") ይኸውን። ሕክምና ምክልኻል ቲቢ ኣናወሰድኩም ከለኹም ኣልኮላዊ መስተ እንተሰቲኹም፡ ጕድኣት ጸላም ከብዲ ንኸጋጥመኩም ዘሎ ተኽእሎ ተዕብዩ። ኣልኮላዊ መስተ ክትሰትዩ እንተደሊኹም፡ ፈለማ ምስ ሓኪምኩም ኽትዘራረቡ ይግባእ።

**መድሃኒት ቃንዛ፥** ሓደ ሓደ ዓይነታት መድሃኒት ቃንዛ (ፓራሲታሞል ዘለዎም መድሃኒት)፡ ኣብ ጸላም ከብዲ ይሓቁ። መድሃኒት ቃንዛ ክትጥቀሙ ትደልዩ እንተዀንኩም፡ ኣየናይ ክትወስዱ ከምዘለኩምን ክሳዕ ክንደይ ውሑስ ምዃኑን ንኽትፈልጡ፡ ብኽብረትኩም ምስ ሓኪምኩም ተዘራረቡ።

**ዋላውን ከምእትሓሙ ዚገብር ጐድናዊ ስዕቤናት የጋጥመኩም፡ መድሃኒት ምውሳድ ግን ክትቅጽሉ ኣገዳሲ እዩ።**

## ልሙድ ጐድናዊ ሳዕቤናት

ኣብዚ ክፍሊ'ዚ እንገልጾም ጐድናዊ ሳዕቤናት ዘይምቹኣት እኳ እንተኾኑ፡ ሓደገኛታት ግን ኣይኮኑን። ብዙሕ ገንዘብ ከየጥፋእኩም ድማ ነዚ ጐድናዊ ሳዕቤናት ብኸመይ ክፍውሱ ከምዝኽእሉ ንምፍላጥ ካብ ሕሙማትን ሰራሕተኛታት ጥዕናን ዚርከብ ምኽሪ ንህበኩም ኣሎና። እቲ ዚውሃብ ምኽርታት፡ ውሑስ ኮይኑ፡ ንውጽኢታውነት መድሃኒት ቲቢ ድማ ኣየጉድልን እዩ። እቲ ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ ኣገባባት ሓገዝ እንተዘይኮይንኩም፡ ተወሳኺ ምኽሪ ንምርካብ ብኽብረትኩም ንኣዋሃሃዲ ቲቢ፣ ሓኪምኩም ወይ ነርስ ጥዕና ዞባ ተወከሱ።

እቲ ኣዝዩ ልሙድ ጐድናዊ ሳዕቤናት መድሃኒት ቲቢ፥

- ዕግርግር ምባል (ምጽላእ)
- ቀይሕ ዝሕብሩ ሽንቲ ማይ
- ናይ ምሕቓቕ ጸገም (ቃንዛ ከብዲ፣ ተሪር ወይ ልምሉም ቀልቀል)
- ሳሓን ዕንፍሩርን
- ረስኒ
- ኣብ መለጋግቦን ዝተረፈ ኣካልን ቃንዛን ሕበጥን ምህላው
- ምድንዛዝ፤ ኣብ ኣእዳውን ኣእጋርን ብመርፍእ ከምዝተወጋእካ ዚስምዓካ ስምዒት
- ስምዒት ድኻምን ምስልካይን
- ቃንዛ ርእሲ

## ዕግርግር ምባል



እዚ መድሃኒት'ዚ፡ ዕግርግር ክብለኩም (ከምዝጽልኣኩም ኪገብር) ይኽእል እዩ። ሳሕቲ ድማ ከምእተምልሱ ኺገብር ይኽእል እዩ። ብስሩዕ ምስትምገቡ ድማ ንኽይተምልሱ ኪሕግዘኩም ይኽእል እዩ። ኣብ መንጐ እትበልዕዎ ስሩዕ ምግቢ፡ ሓጺር ዕረፍቲ ብምሃብ፡ በብንእሽቶ ዓቐን ክትበልዑ ፈትኑ። መድሃኒት ኣብ እትወስድሉ እዋን ድማ ውሑድ ዓቐን ምስትበልዑ፡ ንኸይተምልሱ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። (ዋላ'ውን ብሓፈሽኡ ኣብ ጥራሕ ከብድኹም መድሃኒት ክትወስዱ እንተተኣዘዝኩም፡ ዕግርክር ንኸይብለኩም ዚሕግዘኩም ምስዝኸውን፡ ንእሽቶ ዓቐን ምግቢ ክትበልዑ ድሓን እዩ።) ብኽፉእ ዕግርግር ምባል ትሳቐዩ እንተሊኹም ድማ ነዚ ንምፍዋስ መድሃኒት ክትወስዱ ይከኣል እዩ።

ዕግርግር ምባል ንምቍጽጻር፡ ሕሙማት፡ እዚ ምኽሪ'ዚ ሂቦም ኣለዉ፥


- ቍራጽ ጅንጂብል ምጸዩ ወይ ጅንጂብል ኣብ ሻሂ ወይ ምግቢ ግበሩ
- መድሃኒት ቅድሚ ምውሳድኩም ጸሊም ሻሂ ስተዩ
- ጸጺሕኩም ውሑድ ዝዓቐኑ ጽማቕ ፍሩታ ስተዩ
- ቍራጽ ለሚን ምጸዩ
- ውሑድ ዝዓቐኑ ሽኮር ኣብ ኣፍካ ኣእትዉ

## ቀይሕ ዝሕብሩ ሽንቲ ማይ



መድሃኒት ምክልኻል ቲቢ ምስትወስዱ፡ ሕብሪ ኵሉ ፈሳሲ ኣካልኩም ናብ ቀይሕ፣ ጽጌረዳዊ ወይ ብርቱኳን ኪቕየር ይኽእል እዩ። እዚ ግን ሓደገኛ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ መድሃኒት rifampicin ሕብሪ ቀይሕ ዚሓዘ ስለዝኾነ እዩ።

## ቃንዛ ከብዲ፣ ተሪር ወይ ልምሉም ቀልቀል



መድሃኒት ምክልኻል ቲቢ፡ ነቲ ምሕቓቕ ምግቢ ዚቖጻጸር ባክተርያ ኪጸሉ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ንገለ ሕሙማት ቃንዚ ከብዲ ከምዝህልዎም ይገብር፣ ተሪር ወይ ልምሉም ቀልቀል ከስዕበሎም ድማ ይኽእል።

ተሪር ቀልቀል ብኸመይ ከምእተወግዱ ዚሕብር ካብ ሕሙማትን ሰራሕተኛታት ጥዕናን ዝተረኽበ ምኽሪ፥


- ንቑጽ ፍሩታ ብፍላይ ዝነቐጸ ፕላም (ፕሩን) ብልዑ
- ብማይ ዝተርከሰ ፍረ እንጣጢዕ ብልዑ
- ብዙሕ ማይ ስተዩ
- ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ካብ ቤት ቀመም/ቤት መድሃኒት ዝግዛእ መለሳለሲ መዓንጣ (መድሃኒት ድርቀት) ውሰዱ
- ኣካልኩም ንቑሕ ንኺኸውን ፈትኑ

ልምሉም ቀልቀል እንተልይኩም፡ እዚ ዚስዕብ ምኽሪ ሓጋዚ ኪኸውን ይኽእል እዩ፥

- ጸባ ምስታይ ኣወግዱ
- ብዙሕ ሽኮር ዘለዎ ዝስተ ነገር ኣወግዱ
- ንጡፍ ጸባዊ ኣቺዶ (ላክቲክ ኣሲድ) ዘለዎ ባክተርያ ዚሕዝ ፍርያት ብልዑ
- ብመልክዕ ካፕሱል ዝተዳለወ ጸባዊ ኣቺዶ ውሰዱ



## ሳሓን ዕንፍሩርን



እቶም ሕክምና ምክልኻል ቲቢ ዝወሰዱ ሕሙማት፡ ክፉእ ሳሓ የጋጥሞም እዩ። እቲ ሳሓ፡ ብሰንኪ መድሃኒት ዜጋጥም ኣካላዊ ቁጥዐ ዚስዕብ እዩ። በዚ ኣካላዊ ቁጥዐ ትሳቐዩ እንተሊኹም፡ ንኣዋሃሃዲ ቲቢ፣ ሓኪምኩም ወይ ናይ ዞባ ነርስ ጥዕና ኣዘራርቡ። ሓኪምኩም፡ ሳሓ ንምጥፋእ ኪሕግዘኩም ዚኽእል መድሃኒት ኣካላዊ ቁጥዐ (ከኒና ፈውሲ ኣካላዊ ቁጥዐ — antihistamin) ኪእዝዘልኩም ይኽእል እዩ።


እቲ ምልክታት፡ ኣመና ዜሸግር እንተዘይኮይኑ፡ ነዚ ዚስዕብ ምኽሪ'ዚ ክትፍትኑ ትኽእሉ ኢኹም፥

- ጨና ዘይብሉ ልስሉስ ሳሙናን ሽታ ዘይብሉ ክሬም (ፈሳሲ) ቆርበትን ተጠቐሙ
- ሳሓ ንኸጥፍእ ዚሕግዝ ብዘይ ትእዛዝ ሓኪም ዚርከብ ፈሳሲ (ክሬም) ተጠቐሙ
- ኣብቲ ሳሓ ዘለዎ ቆርበትኩም ድማ ፈሳሲ በለስ (ብቐጥታ ካብ ተኽሊ በለስ ዝርከብ ወይ ብፈሳሲ በለስ ዚዳሎ ክረይም) ግበሩ
- ነቲ ኣብ ታሕተዋይ ክፋሊ ኣካላት ዜጋጥም ሳሓ ከም ኣማራጺ ካብ ጡጥ ዝተሰርሐ ፈኵስን ጸቢብ ዘይኮነን ብታንቲ ክትክደኑ ፈትኑ።

## ኣብ መለጋገቦን ካልእ ክፍሊ ኣካላትን ቃንዛን ሕበጥን ምህላው

ገለ ሕሙማት፡ መድሃኒት ምክልኻል ቲቢ፡ ኣብ መለጋገቦን ካልእ ክፋሊ ኣካላትን፡ ቃንዛ የስዕበሎም እዩ። ከምዚ እንተኣጋጢምኩምን የሸግረኩም እንተልዩን ድማ ምስ ሓኪምኩም ክትዘራረቡ ይግባእ። ሓኪምኩም ድማ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ፈውሲ ቓንዛ ምኽሪ ኪህበኩም ይኽእል እዩ። ብዙሓት ሕሙማት፡ ምድራዝ ኣካላት ንቓንዛ ንምጒዳል ይሕግዝ'ዩ ይብሉ።

## ምድንዛዝ፣ ኣብ ኣእዳውን እግሪን ብ"መርፍእ" ከምዝተወጋካ ዝስምዓካ ስምዒት



ሓደ ሓደ ሕሙማት፡ ምድንዛዝ የጋጥሞም ወይ ኣብ ኣእዳዎምን ኣእጋሮምን መርፍእ ከምዝኣተዎም ይስምዖም እዩ። ገለ ሰባት ድማ ልክዕ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሮም መተርኣሰ ከምዘእተዉ ስሩዕ ኣካይዳ ንኽኸዱ ከጸግሞም ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ፖሊይኔውሮፓቲ (polynevropati) ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ኵነታት'ዚ፡ ቪታሚን ቢ6 (pyridoksin) ምስ መድሃኒት ቲቢ ንሕሙማት ብምሃብ ክትከላኸሎ ይከኣል።

## ቃንዛ ርእሲ

እቶም መድሃኒት ምክልኻል ቲቢ ዝወሰዱ ሓደ ሓደ ሕሙማት፡ ቃንዛ ርእሲ የጋጥሞም እዩ። ቃንዛ ርእሲ እንተልይኩም፡ መድሃኒት እትወስድሉ ግዜ እንተቐይርኩም ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። ፈውሲ ቓንዛ ርእሲ ክትወስዱ እንተደሊኹም፡ ፈለማ ምስ ሓኪምኩም ክትዘራረቡ ይግባእ።

## ስምዒት ድኻምን ምስልካይን

መድሃኒት ቲቢ ድማ ከምእትደኽሙን እትስልክዩን ኽገብረኩም ይኽእል እዩ። ከምኡ እንተገይርኩም፡ ኣብ ክንዲ ንግሆ፡ ናብ ድቃስ ቅድሚ ምኻድኩም ምሸት ነቲ መድሃኒት ክትወስድዎ ፈትኑ። እዚ ድማ ነቲ ዝስምዓኩም ዘይምችኡነት ንምጒዳል ኪሕግዝ ይኽእል እዩ።

LHL Internasjonal

FHI
Folkehelseinstituttet

**LHLs internasjonale tuberkulosestiftelse**
Tel.: +47 22 79 92 22
post@lhl-internasjonal.no
www.lhl-internasjonal.no

**Folkehelseinstituttet**
Tel.: + 47 21 07 70 00
folkehelseinstituttet@fhi.no
www.fhi.no

**ሕክምና ምክልኻል ቲቢ፣ ኣብ ኖርወይ ብወለንታን ብናጻን እዩ።**

**ሕክምና ምክልኻል ቲቢ ዚወስድ ሰብ፣ ባክተርያ ቲቢ ኣብ ኣካሉ ኣለዎ፤ ብቲቢ ዚሓመመ ግን ኣይኮነን። ንኻልኦት ድማ ቲቢ ከመሓላልፉ ኣይክእሉን እዮም።**

Brosjyren er utgitt av LHL Internasjonal og FHI med støtte fra Helbings legat og Blakstad og Maarschalk tuberkulosefond.
Redaksjonskomite: Ingunn Nordstoga og Mona Drage.
Illustrasjoner og lay out: Horisontdesign og Designverket.